## ሰለስተ ወንጌላውያን ተኣሲሮም

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**23.01.2005**

ስርዓት ኣስመራ፣ ፓስተር ኪዳነ ገብረመስቀል፣ ፓስተር ኣብርሃም በላይን ፋንኤል ተስፋማርያም እተባህሉ ኣባላት ምሉእ ወንጌል፣ ብ21 ጥሪ 2005 ከምዝኣሰረ፣ ድምጺ ስውኣት እተባህለ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒ ማሕበር ኣፍሊጡ።

ከም ኵሎም ናይ ፓለቲካን ናይ ሕልናን እሱራትን ብዛዕባ ዝተኣስርሉ ቦታ ይኹን ሃለዋቶም ዝፍለጥ የለን።

ዲክታቶርያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እተፈላለዩ ሃይማኖታት ብፍላይ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ሰዓብቲ ንኣሽቱ ሃይማኖታት ዘካይዶ ዘሎ ማእሰርትን ግፍዕን እናዛየደ ይኸይድ ከምዘሎን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ድማ ክኸውንዋ ከምዝጸንሐን ዝዝከር ኢዩ።